***ጉጅለ ህግደፍ ተሐቢኡሉ ዘሎ***

*ኣብ ሕድሪ ጀጋኑና ኣይኮነን*

*ሕድሪ ሰማታትና ክቡር እዩ*

*ብበርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*



*ኢሰያስ መንሽሮ ዓደቦ ተኣለ*

*ጸባ ስተ ንጉሰ ሃይለ መንስዓይ፡ እዚ ኹሉ ጅግንነትን ተወፋይነትን ተረሲዑ ቃልስና ብሰንኪ ንቑጽ ይነድድ ርሑስ። ብሰንኪ ኢሰያስን ጉጅለኡን፡ ብካብ ግብሮም መልሐሶም ዝነውሕ፡ ቃልስና ቃልሲ ሽፋቱ ቃልሲ ደናቁር ተጸዊዑ። ኣንነት በዚሑ ጥራዝ ነጠቕ ትፈልጡዶ ንኢሰያስ ዘዝተቓወሙ ክንደይ ሙሁራትን ክንደይ ሽቃሎን ክንደይ ሐረስቶትን ክንደይ ተማሃራይ ከም ሽምዓ ከም ዝመኸኸ ከም ጨው ከም ዝሐቐቑን ስለዚ ዓገብ፡በይኑ ዝጎይ ዝቕድሞ ነይብሉ በይኑ ዝማጎት ዝረትዖ ነይብሉ እዩሞ፡ ካብ ዘረባ ኪኢልና ኢልኩም ንመስዋእቲ ዋዕሮታትን ጀጋኑና ምኽሐድ ኣቑዲምኩም ታሪኽ ጀጋኑ ኣንብቡ፡ ጉጅለ ህግደፍ ተሐቢኡሉ ዘሎ ኣብ ድሕሪ ሕድሪ ሰማእታትና ዘይኮነስ ኣብ ፍርሕን ኣብ ነብስኻ ምፍታውን እንታይ ገደሰንን እዩ ተሐቢኡ ዘሎ፡ ኣጉል ፍልስፍና እዩ እቲ ፈሊጥና ኢልኩም ትዝምርዎ እሞ። ኣብ ነብስኻ ምትእምማን ጎዲሉና ኣሎ ኤረትራዊያን። እወ ነጻ ሃገር እንበር ሐርነት ናይ ህዝቢ የለን፡ ሰውራና ግን ሰውራ ሽፋቱ ኣይንበረን ሰውራ ደናቑር ኣይነብረን ስለዚ፡ ንጉጅለ ኢሰያስ ሽፋቱ ኢልና ክንገልጾም ጥራይዩ ዘምሕረልና፡ንሰማእታትና ምኽሐድ ዕሽነትዩ ኣይኮነን ጅግንነት ዕንቅፋትዩ ዘይብጽሕ ናብ ዓወት ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪ ዝጎትት። ልቢ ግበሩ ህዝቢ ከይክዕበኩም ካብ ምባል ሐሊፍና እንታይ ክንብለኩም፡ ዲክታቶር ብግብሪ እንበር ብዘረባ ዝወደቕ ከይመስለኩም።*

*ገድሊ ብመሪሕ ሐምድ እድሪስ ዓዋተ ዝጀመረ*
*ኣሰሩ እንቢ ኣይግዛእን ዝበሉ ዝበላ ደቂ ኤረ*
*ኣጆኹም ኣደታት ምዓሮይ ሰንድይ ኣብሻይ*
*ገድሊ ጀሚሩ ሙሁራት ተማሃራይ ሽቃላይ*
*ሰውራና ደርቢ ሐረስታይ ሃገራይ በሃላይ*
*ንባርነት ኣይወደቑን ዋዕሮ ምስ ሐለንጋይ..*

*ሕድሪ ሰማታትና ወትሩ ክቡር*
*ቃልስና ኣይነበረን ቃልሲ ደናቁር*
*ምውርዛይ እንዳ በላዕካ ምቁር*
*ሐቦ እተሎ ቁምጣ ዕጠቕ ሙሁር*
*ኣብ ፓልቶክ ኮንካ ካብ ትፍክር*
*ዝሐበረ ፈትሊ ዩ ኣንበሳ ዝኣስር..*

*ንሱን ጀነራላቱን ንዓዲ እኒ ጥሕሻ*
*ብዘይ ህዝቢ ክተትርፍዋ ጣሻ*
*ሃገርና ብጭፍራ ህግደፍ ተወሪሻ..*



*ተኣለ ኣንጊሁ ኣብ ዓላ ዝሐከለ*
*ሸፍታ ክነሱ መንግስቲ እየ እንዳ በለ*
*ብኢደወነኑ ንራሻይዳ መንነት ዝዓደለ*
*ንመንእሰያት ኣብ ሲናይ ዓዕ ዘበለ*
*ኵሉትና ብዶላታት ንሃብታማት ዝዓደለ*
*ማፍያ ኣብ ማእከልና ዝሰፈረ ከም ሐኸለ*
*ንመንሽሮ ዓደቦና ንበሎ ተኣለ*
*ህዝብና ክቕስን ንኢሰያስ ጭፍሩኡን ንእለ..*

*ሰብ ዘይኮነስ መስኪራ ምድሪ*
*ኣብ ሳሕል ዝጠለመ ሕድሪ*
*ዘይፈልለጠ ኣሎ ዶ*
*ኢሰያስ ምኺኑ መዳንናገሪ*
*ሰብ ኣይነብርንዩ ታሪኽዩ ነባሪ..*

*ኣብ ጀነቫ ናብ ፍርዲ ምስ ቀረበ*
*ኣብ ንውዮርክ ነሩ ሐመድ ድበ*
*ደለይቲ ፍትሒ እንታይ ንጽበ..*

*ሎሚዶ ጽባሕ ይመጹ እንዳ በለ*

ኣብ ዲጋ ዓዲ ሃሎ እንዳ ተማህለለ
ክንዲ ንሰነ ንጠቕሚ መን ንፋላለ
ካብ ያዕ በሎ ያዕ ንበሎ ዩ ዝቐለለ..

ነንነብስና እሞ ንሕተታ
ብሓባር ክንወርድ ባይታ
እቶም ዝሰዓርናያ ንፍርሒ
ንሳማማዕ ደለይቲ ፍትሒ
ንዓመታ ቀውዒ
ኣብ ሃገርና ክነግስ ርትዒ..

ናይ ድያስፖራ ጉጅለ ንሕና ንሱ
ንብረቶም ብጀነራላት ምስ ተወረሱ
ኣብ ድያስፖራ ተመሊሶም የልቅሱ..

ንሕና ንሱ ኣብ ማዓርፎ ንፈርቲ
ቀባሕባሕ ይጅምሩ ሽንቲ ንሽንቲ
ተቀበቲ ሕድሪ እወ ጸባ ንሰቲ
ዲሒ ንኩም ዶ ብኽልተ ካብ ሜቲ..

ናይ በይኖ ም ዝመስሎም ሃገር
ንዲክታቶር እንዳ በሉ ንበር
ተጸፊያም ዘይብሉ ፈንጠርጠር


ፎእ ኢላቶም ነፋሪት ቀጠር..

ደገፍቲ ጉጅለ ህግደፍ
ንወርሒ ከይዶም ኣብ ሶሙን ግፍ ገፍ
ነፋሪት ከይትገድፎም ዝብሉ ሃነፍነፍ..

ህግደፍ ዘይንብረቶም እንተ ወነኑ
ዝመስሎም ዝያዳና ሃገራዊያን ዝኾኑ

*ንሸፉቱ ወዲስኩም ደቀባት ክትኾኑ*
*ኢሰያስ ኣይነብርንዩ ጸመኑ ኣይትጸመኑ..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃ ንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና*